# መሳኪን ኣባጌዕ

እንትርፎ እንቤዕ
ካልእ ዘይፈልጣ
መሳኪን ኣባጌዕ

ዘይፈልጣ ግዳ
ንስዕረት ንፋሲጋ
ተኸስቲነን ከም ዚሕረዳ

እቲ ዝጓሰየን
ከም ዘይፈልጥ ምሕረት
ዘይፍለጠን ፍጥረት
መሳኪን'የን

'ተዚፈልጣ
ስግአን ከም ዚብላዕ
ቆርበተን ከም ዚቕላዕ
ምበላ'ዶ ቀልባዕባዕ
ምኣተወን'ዶ ዘርባዕባዕ
ካብ ትም ኢልካ ምስራዕ?

ሙኳን
ክሳዕ ዘለዋ
ተሓጒሰን ኪነብራ
እንቋዕ ኣይፈለጣ?

© ጴጥሮስ ገብረመድኅን ወራሲ
21 ኣፕሪል 2006